# ቅያ ስጡም መስርዕ!

## ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

### (4ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

ስርዓት ደርግ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ዝነበረ ሰራዊቱ ንምድሓን ኣብ ናቕፋ ኣየር ወለድ ሰራዊት ብጃንጥላታት ከምዘውረደ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ተገሊጹ ነይሩ። ጎኒ ጎኒ'ዚ ስርሒት'ዚ እውን ንካልእ ዓቢ ወፍሪ የዳሎ ነይሩ እዩ። ብ4 ታሕሳስ 1976 ድማ፡ ኣንጊሁ ካብ ከረን ገዚፍ ሓይሊ ኣበገሰ። እቲ ዝወፈረ ሓይሊ ኣብ ቀዳማይ መዓልቱ መከላሲ ሓዲሩ፡ ጉዕዞኡ ቀጸለ። ብ5 ታሕሳስ ረፋድ ከኣ፡ ኣብ ከባቢ መስሓሊት ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ዘዳለውኦ ድብያ ኣተወ። ኣብቲ ብጽዑቕ ደገፍ ነፈርቲ ተሰንዩ ዝተኻየደ ብርቱዕ ውግእ፡ ሰራዊት ደርግ ነቲ ድብያ ጥሒሱ ንምሕላፍ ስልቲታት እናቕያየረ ተደጋጋሚ ፈተነታት ኣካየደ። ብ15 ታሕሳስ ቀዳማይ ፈተነኡ ምስ ፈሸለ፡ እንደገና ብ17 ታሕሳስ፡ ካልኣይ ፈተነ መዲቡ ብየማነ-ጸጋም ጽርግያ ግንባራዊ መጥቃዕቲ ከፈተ። ዕላማኡ ብጸጋም ዝነበረ ገዛእቲ ቦታታት ብምቁጽጻር፡ ንኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ምኽርዳን ነበረ። ይኹን'ምበር ተወጂዑ ስልትታቱ በርዒኑ ዘፍ በለ። ኣብዚ ብርቱዕ ግጥም'ዚ፡ ብ19 ታሕሳስ ሓንቲ FH86 ነፋሪት ወግእ፡ ብኣሃዱታት ጸረነፈርቲ ቦጦሎኒ 10 ተሃሪማ ወደቐት። እቲ ፓይሎት ግን ብጃንጥላ ኣብቲ ወገኑ ዝነበርዎ ቦታ ወሪዱ ድሓነ። ድሕሪ'ዚ ሰራዊት ደርግ ሳልሳይ ፈተነ

ከካይድ ስለዝወጠነ፡ ውግእ ን4-5 መዓልታት ዝግ በለ። ብ22 ታሕሳስ ከኣ፡ “በር ከፋች” (ከፋቲ በሪ) ኢሉ ዝጸውዖ ሓደ ናይ መበል 31 ሻለቃ (ቦጦሎኒ) ነበልባል ሰራዊት ብሄሊኮፕተር ኣብ ከባቢ’ቲ ውግእ ዝካየደሉ ዝነበረ ወሪዱ ከም ዝድረብ ገበረ። ብ23 ታሕሳስ ወጋሕታ፡ ኣብ ግንባር ገንፈሎም ጽዕጹዕ ውግእ ተኸፍተ። ኣብቲ ንክልተ መዓልቲ ዝተኻየደ ሓያል ውግእ፡ ሰራዊት ደርግ ናይ ታንክታት፡ 106 ሚሊ ሜትር መድፍዕ፡ ሞርታራት፡ ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ጸብለልታኡ ብዝግባእ ተጠቐመሉ። ይኹን’ምበር እዚ ናቕፋ ንምርዳእ ካብ ዝተገብሩ ፈተነታት ዝዓበየ ስርሒት’ዚ፡ ብከቢድ ምርብራብን ጽንዓትን ተጋዳላይ ተመኪቱ፡ ንድሕሪት ተመልሰ። በዚ ድማ ኣብ ናቕፋ ዝተኸበ ሰራዊት ናይ ምድሓን ፈተነታት ብፍሽለት ኣብቀዐ። “ናቕፋ ኢለን ተበጊሰን ንክሓልፋ. . . ቅበጻ ሎምስ እባ የለን ተስፋ!” ተባሂሉ ዝተደርፈ፡ ድሕሪ ፍሽለት ናይዚ ተደጋጋሚን ሓያልን ግጥማት ናይ ምጥሓስ ፈተነታት እዩ። ክሳብ ምሕራር ናቕፍ፡ ብጃንጥላታት ዝወርድ ዝነበረ ስንቅን ኣጽዋርን፡ ሓደሓደ ግዜ ኣብ ሰራዊት ደርግ፡ ሓደሓደ ግዜ ናብተን ኣብ ከበባ ዝነበራ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት፡ ዝበዝሕ ግዜ ግን ኣብ መንጎ ይዓልብ ነበረ። ኣብ ነፍስ-ወከፍ ሰሙን ወይ ክልተ ሰሙን ድማ፡ ኣብ መንጎ ተጋደልቲን ሰራዊት ደርግን ነቲ ብጃንጣላ ዝድርበ ዝነበረ ንብረት ‘መን ወሰደ’ ቀጻሊ ንኣሽቱ ረጽሚታት ይቕጽል ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ቀዋሚ ድፋዕ ሒዝካ ምውጋእ ንፈለማ ግዜ ኣብ ውግእ ናቕፋ’ዩ ተሞኩሩሉ። ኣድማዒ ኣጠቓቕማ ከቢድ ብረት እውን ኣብዚ ውግእ’ዚ እዩ ዝያዳ ተሞኩሩሉ። ተጋዳላይ እናተኰሰ ብግብሪ ተማሂሩ። እቲ ቀንዲ ድፋዓትን ኣስማትን ዕርዲታት ናቕፋ ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ዝተመስረተን ዝተሰየመን እዩ። ኣብ እዋን ከበባ ናቕፋ ስም ዝወጻለን ዕርዲታት እንተ ነይረን ታባብራውንን ታባ-ዶሽካን ጥራይ እየን። ኣብ እዋን ከበባ ናቕፋ ተጋደልቲ ብምስክሕካሕ ዝዝክርዎ እቲ ዝነበረ ብርቱዕ ቊርን ጥሜትን እዩ። ኣብቲ እዋን’ቲ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ህዝባዊ ሓይልታት ዝነበረ ዑስማን ሳልሕ ሳበ፡ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ርክቡ ስለ ዝበተኸ፡ እቲ ብመገዱ ዝርከብ ዝነበረ ደገፋት ናይ ስንቂ ተቛሪጹ ነበረ። ኣብ ከምዚ ዓይነቱ ጽንኩር ኩነታት ከኣ መቑነን ተጋዳላይ ውሑድ መሸላ ወዲ-ዓከር ነበረ። መቕሎ ስለ ዘይነበረ ከኣ ኣብ እምኒ እዩ ዝስንከት። ብቑዕ ክዳውንቲ ስለ ዘይነበሮም ኣብኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ምስቲ ጥሜት ብቚሪ ተገሪፎም እዮም። ብዘይካ’ቲ ኣብ ነብሶም ዝተኸድንዎ ክዳን ቅያር ስለ ዘይነበረ፡ ብቀኊማል ተወሪሮም ነበሩ። ኣብዚ ጽ ንኩር እዋን ክሻ ወዲ-ዓከር ከይተረፈ ተመቓቒሉ ክዳን ንክኸውን ይዕደል ምንባሩ ይዝንቶ። እዚ

እናኹነ ግን ተወፋይነትን ቈራጽነትን ተጋዳላይ መማዝንቲ ኣይነበሮን። ነዚ ተጻዊሩ ድማ ናብታ ንሓርነት ናኞፋ ዝኺሕኵሐት መዓልቲ በጽሐ። እቶም ኣብ ናቕፋ ዓሲኪሮም ዝነበሩ ወተሃደራት ዘሕልፍዎ ዝነበሩ ህይወት ድማ ካብቲ ናይ ተጋደልቲ ኣዝዩ ዝመረረ ነበረ። እዛ ብ27 ጥሪ 1977 ናብ መምርያ ካልኣይ ክፍለጦር፡ ኣስመራ፡ ዝለኣኽዋ ቴለግራም ነቲ ኩነታት ብመጠኑ እትገልጽ እያ። “ነዛ መልእኽቲ'ዚኣ ከተንብቡዋ እንከለኹም፡ ነብስኹም ኣብ ቦታና ከተቐምጡዋ ሓደራና ዝጸነዐ እዩ። ንስለ ፍቕሪ ሃገር፡ ንስለ ናይ ወገን ኵርዓት፡ ንስለ ክብሪ ወዲ ተባዕታይ፡ ንስለ ማሕላ ወተሃደርን ዝተሰከምናዮ ሃገራዊ ሓላፍነትን ዝነቐዘ እኽሊ ጥራሕ ዘይኮነ ቆጽሊ ሓይኽናን ውሒጥናን ብዝከኣለና መጠን ክንምክት ጸኒሕና። ክዳውንትናን ነብስናን ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ማይ ተንኪፍዎ ስለዘይፈልጥ ቀጐማል ከም ሽሾ ጎሞዳ ኣብ ልዕሌና ይፈልሕ ኣሎ። ንሓንቲ ደቒቕ እኳ ጸሓይ ክንመውቕ ዕድል የብልናን። እግርና ምሉእ ዘርጊሕና ከነሳፍሕ ዕድል የብልናን። ወንበዴ (ተጋዳላይ) ብልመና ናይ ዘምጽኦ በብዓይነቱ ብረታት፡ መምሃርን መለማመድን መፈተንን ገይሩና ኣሎ። ኣሕዋትና መስዋእቲ እናኸፈልና ክሳብ ሕጂ ተስፋ ከይቆረጽና ብጅግንነትን ቆራጽነትን ምስ ጸላእትና ክንተሓናነቕ ጸኒሕና ኣሎና። ሕጂ ግን ካብቲ ብህይወትና ከለና ወሪዱና ዘሎ ሽግር፡ ብሞት ናይ ዝተፈለዩ ኣሕዋትና ዕድል የቕንኣና ኣሎ። ኣምላኽ ናታቶም ዕድል ክህበና ንጽሊ ኣሎና። ናይ ዝቐደሙ ኣሕዋትና ሞት፡ ከም ናይ ሃዋርያት ሞት ጌርና ኢና እንቖጽሮ። . . .‘ኣጠናኽሩና፡ ጠሚና፡ ጥይት ወዲእና’ ኢልና ጥርዓን ካብ ነቕርብ ብዙሕ ግዜና እዩ። ግን ከም ሓሶት ግዲ ተቘጺሩ፡ ‘መረረ ምስማዕ ልማድኩም እዩ’ ዝብል ስም ተዋሂቡና። ዕለታዊ ብእነቕርቦ ጸብጻብ ዝጠፈአ ህይወትን ዝቘሰለን ንሕብር ኣለና። ቀለብ ብዝምልከት እቲ ውግእ ካብ ዝጅምር ዝበጽሓና ክንደይ ምዃኑ ናታትኩም መዝገብ ምስክር እዩ። ዝያዳ ኩሉ ሕማም ኣእምሮ ኮይኑና ዘሎ፡ ንጽሕፈልኩም ጥርዓንን ነቕርበልኩም ሓሳብን ምንፋጉ ኮይኑ፡ ካብ መዝገብ ኢትዮጵያ ዝተፋሓቑና መሲሉ ይስምዓና ኣሎ። እቶም ብስም ጥራይ ወንበዴታት ዝብሃሉ ክውግኡ ከለዉ ሕክምና ክረኽቡ፡ ዘጠናኽሮም ሓይሊን ቀለብን ዕጥቂን ኣብ ሰዓቱ ክቐርበሎም ከሎ፡ ዝተደራጀወ መንግስቲ ግቡኡ ክፍጽም ዘውፈሮ ጦር ንሓሙሽተ ወርሒ ዝኣክል ከድሕኖ ይኹን ዕጥቂን ስንቂን ከቕርበሉ ምኽኣል ክስእን ንሰማዒኡ ዘስደምም እዩ። በቲ ንህበኩም ዘለና ጸብጻብ ትኣምኑና እንተኾይንኩም ብህጹጽ መፍትሒ ይገበር። እዚ ከይኮነ እንተተሪፉ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ጦር'ዚ ዝወርድ ውርደትን ውድቀትን ብሓላፍነት ዘይንሕተተሉ ምዃና

ብኣኽብሮት ነመልክት ኣለና።" ሓርነት ናቕፋ ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ዝሓለፈ፡ "ሰብን መሬትን በብቑሩብ ሓራ ምውጻእ" ዝብል መርሓ መሰረት ብምግባር፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኣብ መጋቢት 1977 ናቕፋ ክትሕረር ወሰነ። ናቕፋ፡ ፈለማ ካብ ዝተጠቕዓትሉ ግዜ ኣትሒዙ ዝካየድ ዝነበረ ኵሉ ውግኣት ብለይቲ እዩ ዝነበረ። ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ከም ሰራዊት ደርግ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም'ኳ እንተዘይነበረን፡ ጸላኢ ድልዱል ዕርድታት ሃኒጹ፡ ብጻዕቂ ነተጕቲ ሓጺሩ ይዋጋእ ስለዝነበረ ነቶም ዘጥቅዑ ተጋደልቲ ኣመና ሃሳዪ ነበረ። ኣብቲ ናይ ሽዱሽተ ወርሒ ምርብራብ፡ ውግእ ብጸልማት ይካየድ ስለዝነበረ፡ ሓደ ካብቲ ሓርነት ናቕፋ ዘደናጎየ ረቛሒታት እዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ናይ ለይቲ ውግእ ከምዘየዋጽእ ተገምጊሙ፡ ናቕፋ ሓራ ናይ ምውጻእ መጥቃዕቲ ብቐትሪ ክፍጸም ተወሰነ። በዚ መሰረት እቲ መጥቃዕቲ ን22 መጋቢት 1977 (ኣብ ብዙሕ ጽሑፋት 23 መጋቢት ዝበሃል ጌጋ እዩ) ክካየድ ተመደበ። ነዚ መጥቃዕቲ'ዚ ከካይዳ ዝተመደባ ኣሃዱታት ኣብ ርእሲ'ተን ካብ መስከረም 1976 ጀሚረን ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ንሰራዊት ጸላኢ ኣኽቢበን ዝተረባረባ፡ ቦጦሎኒታት 607፡ 500 ከምኡ'ውን ሓንቲ ሓይሊ ናይ ቦጦሎኒ 1፡ ካብ ከበሳ ኣብ ደባይን ተንቀሳቓሲን ስርሒታት እትነጥፍ ዝነበረት፡ ኣብ ድሮ'ቲ መጥቃዕቲ ካብ ከበሳ ዝመጸት ቦጦሎኒ 3 (በርሀ ጻዕዳን ስብሓት ኤፍሬምን ዝመርሕዋ) እውን ተወሰኸት። ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝተሰለፈ ዓቕሚ ሰብ ህዝባዊ ሰራዊት ኣስታት 1400 ኣቢሉ ይኸውን ነበረ። ኣንፈት መጥቃዕቲ ቦጦሎኒ 607፡ ካብ መዓስከር ደቡብ ንምብራቕ፡ ቦጦሎኒ 3 ካብ ምዕራባዊ መዓስከር እንዳ ዓሊ ሒጎ ንሰሜን፡ ሓንቲ ሓይሊ ናይ ቦጦሎኒ 1 ብሰሜናዊ ምብራቕ ናቕፋ ነበረ። ቦጦሎኒ 500 ድማ ኣብ ኵሉ ተዘርጊሓ፡ ናይ ከቢድ ብረት ደገፍ ክትገብር ተዳለወት። ኣብ ዕለተ መጥቃዕቲ፡ መሬት ብከቢድ ግመ ተሸፊኑ ነበረ። ሰዓት 8፡00 ንግሆ ኣቢሉ ድማ ኣቲ ውግእ ብደብዳብ ከቢድ ብረት ጀመረ። ልክዕ ሰዓት 10፡00 ምስ ኮነ ኣጋር ኣሃዱታት ናብ ሽቶታተን ገስገሳ። መዓስከር ደቡብ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኣተወ። ውግእ ኣብ ኵሉ መኣዝናት መጥቃዕቲ ተጓሃሂሩ፡ እንዳ ዓሊ ሒጎ ሰዓት 3፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ኣተወ። ብድሕሪኡ መጥቃዕቲ ብምብራቕን ሰሜንን ቀጸለ። ሰዓት 4፡00 ኣቢሉ ድማ መዓስከር ሰሜን ሓራ ኰነ። ኣብዚ ከቢድ ግመ ዝሸፈኖ መዓልቲ ዝተኻየደ ብርቱዕ ውግእ ንያቱ ዝዓረበ ሰራዊት ደርግ ኣብ መወዳእታ ናብ መዓስከር ምብራቕ ተኣኻኸበ። ተጋዳላይ ከኣ እግሪ-እግሩ ስዓበ። ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ናቕፋ ድማ መሪር ግጥም ተኻየደ። ነፈርቲ

ኵናት ምሉእ መዓልቲ ከዕለብጣ'ኳ እንተወዓላ መሬት ብግመ ተሸፊኑ ስለዝነበረ ዋላ ሓንቲ ክገብራ ኣይከኣላን። እቲ ውግእ ድማ፡ ከባቢ ሰዓት 6፡00 ኣጋ ምሸት ብዓወት ህዝባዊ ሰራዊት ተዛዘመ። እታ ሽዱሽተ ወርሒ መመላእታ ብለይቲ ዘቐበጸት ናቕፋ በዚ ናይ 22 መጋቢት 1977 ናይ ሓደ መዓልቲ መጥቃዕቲ ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓራ ኰነት። ኣዛዚ ናይቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ ሰራዊት ሻለቃ ማሞ ተምትሜ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ ውግኣት ሓደ እግሩ ተሃሪሙ ነበረ። ምስቶም ንኣፍዓበት ዝሃደሙ ወተሃደራት ክሃድም ስለዘይክኣለ ነብሱ ቀቲሉ ዝብል ወረ'ኳ እንተሎ፡ ካብ መኣዘዚ ቦታኡ ወጺኡ ምስቶም ብመዓስከር ምብራቕ ዝሃድሙ ዝነበሩ ወተሃደራት ከምልጥ እናፈተነ ብጥይት ኣባላት ቦጦሎኒ 607 ተሃሪሙ ከም ዝወደቐ ኣብታ ሽዓ ህሞት ዝነበሩ ተጋደልቲ የረጋግጹ። ኣብቲ መዓስከር ካብ ዝነበሩ ወተሃደራት ብዙሓት ክቕተሉ እንከለው፡ 24 ዝተፈላለየ መዓርግ ዝነበሮም ኣስታት 150 ወተሃደራት ተማረኹ። ኣስታት 100 ዝኾኑ ድማ በቲ ኣየርወለድ መሪሑ ኣብ ናቕፋ ዝወረደ ሻምበል ተስፋየ ሃብተማርያም (ደሓር ብሪጋደር ጀነራል) እናተመርሑ ብሸነኽ ምብራቕ ናቕፋ ዝነበረ ግመ ጕልባብ ገይሮም ኣምለጡ። እዚ ካብ ናቕፋ ዝሃደመ ተረፍ-መረፍ ሓይሊ ክሃድም እንከሎ፡ ሓይልታት እግሪ-እግሩ ክሳብ ሓራስ ሓርማዝ፡ ሞጋዕ፡ ዓሾርምን ኣፍደገ ኣፍዓበትን ኣብ ገሊኡ ሓሊፈንኦም እናጸንሓ ይስዕብኦም ነበራ። እቶም ወተሃደራት ኣብ ሩባ ሕዳይ ብዝቐደምዎም ተጋደልቲ ምስ ተዓግቱ "ኢ.ድና ክንህብ ኢ.ና" ስለዝበሉ፡ ካብ ቦጦሎኒ 500 ማእከልነት ሓይሊ ዝነበረ ተጋዳላይ ዓሊ ድርፎ ንበይኑ ቀረቦም። ኣብ ጥቓኦም ምስ ቀረበ ቦምባ ስለዝተኰሱ ዓሊ ድርፎ ተሰውአ። ኣብኡ ድማ ውግእ ተባርዐ። እቶም ወተሃደራት፡ ኣብ ቅድሚኦም ምስ ዝጸንሑ ተጋደልቲ እናተዋግኡ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ካብ 40-50 ዘይበዝሑ ወተሃደራት ጥራይ ኣፍዓበት ኣተው። ኣብዚ ናቕፋ ሓራ ንምውጻእ ዝተኻየደ ናይ መጨረሽታ ውግእ 4 ማግ ዝዓይነተን ወተሃደራዊ መካይን፡ ሽውዓተ 81 ሚሊ ሜትር ሞርታር፡ ክልተ 75 ሚሊ ሜትር መድፍዕ፡ ሓደ ብራውን፡ ሓደ 12.7 ሚሊ ሜትር ረሻሽ፡ ኣስታት 400፡ M-16፡ M-14፡ ሲማኖፍ ዝዓይነቱ ጠበናጁን ተተኮስትን ተማረኸ። ኣብ ውግእ ሓርነት ናቕፋን ምስኡ ዝተኣሳሰረ ዝተፈላለየ ውግኣትን ስርሒታትን ዝተኸፍለ መስዋእቲ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብኡ ዘጋጠመ ናይ ሓያሎ ኣዘዝቲ ህዝባዊ ሰራዊት መስዋእቲ ድማ ምስቲ "ኣብ ቅድሚት ኬንካ ምራሕ!" ዝብል ባህሊን ሰረተእምነትን ህዝባዊ ግንባር ተኣሳሲሩ ዝርአ እዩ። ኣብ ቀዳማይ ፈተነ ናይ መስከረም 1976 ሓደ ካብ መስረትቲ ህዝባዊ ሓይልታት ኣዛዚ ቦጦሎኒ1 ገዛኢ

ሃብተ ከምኡ’ውን ፍቕረ መስፍን ካብ ወተሃደራዊ ኣካዳሚ ሃረር (ኢትዮጵያ) ዝተመረቐ መራሕ ሓይሊ ዝርከብዎም ላዕለዎት ሓለፍቲ ብጅግንነት ክስውኡ እንከለው፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ግጥም መጋቢት 1977 ከኣ ኣዛዚ ቦጦሎኒ 3 በርሀ ጻዕዳ፡ ውግእ ኣብ ምውድኡ መዓስከር ምብራቕ ኣብ ዝህጀመሉ ዝነበረ ናይ መጨረሽታ ደቓይቕ ርእሱ ብጥይት ብሬን ተሃሪሙ ተሰውአ። ካብ ቦጦሎኒ 500 ማእከልነት ሓይሊ ኣብርሃ ሽሪፍ፡ ኣብ መጥቃዕቲ መዓስከር ደቡብ ተሰውአ። ማእከልነት ሓይሊ ዓሊ ድርፎ (ካብ ቦጦሎኒ 500)፡ ኣብ ድብያ ከባቢ ሕዳይ ተበጀወ። ካብ ቦጦሎኒ 607 ማእከልነት ሓይሊ ኣማኑኤል በይን (ወዲ ብጆኒ) ኣብ መዓስከር ደቡብ ብፈንጂ ተሃሪሙ ኣብ ሕክምና ምስ በጽሐ ተሰውአ። መስዋእቲ ናይዞም ዝተጠቕሱ ላዕለዎት ሓለፍቲን ካልኦት ኣዘዝቲ ጋንታታትን መሳርዕን ሓያሎ ምሩጻት ተጋደልቲን ተወሲኹዎ፡ ግጥማት ሓርነት ናቕፋ መሪር ምንባሩ የመልክት።